ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ
ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም ቤተክርስትያን
ኣምስተልፌን- ኣምስተልላንድ
ሆላንድ።

**Eritrean Orthodox Tewahdo**
**MedhanieAlem kerk**
**Amstelveen -Amstelland**
**Holland.**

27 መጋቢት 2012 ዓ.ም.ግ.
5 ሚያዝያ 2020 ዓ.ም.ፈ.
ደ/ሰ/መ/ኣ/ኣ2012-230

በስመኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ ኣሜን።

ጉዳይ፥ ብሰንኪ ናይ'ዚ እዋናዊ ሕማም ቫይረስ ቤተክርስትያንና ክሳብ 28 ሚያዝያ 2020 ኣገልግሎት ጠጠው ኣቢሉ ኣሎ።

ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን ኣባላት ደብረሰላም መድሓኔዓለም ኣምስተልፌን-ኣምስተልላንድ፡

ብመጀመርታ ነቲ ልዑል ባህርይ ዝኾነ እግዚኣብሔር ኣምላኽና፡ ክሳብ እዛ እዋን እዚኣ ዘጽንሓና ዝለዓለ ምስጋና ነቕርበሉ። ኣስዒብና ከኣ ንኩልኹም ምእመናንን ምእመናትን እዛ ቅድስቲ ቤትክርስትያን፡ ኣብ ህይወትኩም ምሉእ ጥዕና ኣብ ሥራሓትኩም ከኣ ኣሳልጦን ግስጋሰን ንምነየልኩም። ካብ'ዚ ወሪዶ ዘሎ ሕማምን፡ ካብ ዝኾነ መዓትን ክባልሃናን ከድሕነናን፡ ንጉይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ብትሕትና ንለምኖ።

ብምቕጻል ነዚ እነመሓላልፎ ዘሎና ሓበሬታ፡ ዘይሰምዐ ሰብ ምእንቲ ክሰምዖ፡ ክትሕብሩ'ውን ንላበወኩም። ብተወሳኺ ከኣ ኣብ ትሕቲ እግዚኣብሔር፡ ንጥዕናና ዝምልከት ሓካይም ዘመሓላልፉዎ ዕላዊ መምርሒታት ብግቡእ ክትጥቀመሉ ንላበወኩም።

ኣብ ዝሓለፈ ደብዳበና፡ ቤተክርስትያንና ካብ ቀዳም 14 መጋቢት 2020 ክሳብ 13 ሚያዝያ 2020 ዕጽዊ ምኳኑ ሓቢርናኩም ኔርና። ድሒሩ ብመንግሥቲ ዝወጸ ውሳነ መሠረት'ውን፡ ክሳብ 28 ሚያዝያ 2020 ኣብ ቤተክርስትያን ደብረሰላም መድሓኔዓለም ኣገልግሎት ከም ዘየለ ክንሕብረኩም ንፈቱ። በዚ ምኽንያት ፋሲካ'ውን፡ ኣብ መዓልቱ ከም ቀደምና ብሓባር ኣብ ቤተክርስትያና ኣኽቢርና ክነውዕል ከም ዘይንኽእል ክንሕብር ንደሊ።

**ንሓበሬታኹም፥**
ቤተክርስትያን ደብረሰላም መድሓኔዓለም ብYoutube ሰሙናዊ ጸሎት የመሓላልፍ ከም ዘሎ ክነዘኻኽረኩም ንፈቱ።
ብFacebook ከኣ Debreselam Medhanie-alem Bietekrstyan Amstelveen-Amstelland Nederland ተኸታተሉ።

እግዚኣብሔር ምሕረቱ ይሃበና ይኣዝዘልናን።

ምስ መንፈሳዊ ሰላምታ

እግዚኣብሔር ኣምላኽና ሃገርና ኤርትራን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቅድስቲ ቤተክርስትያንናን ይባርኸልናን ይዓቅበልናን።

መልኣከ ሰላም ቀሺ ክብሮም ኪዳነ

ኣቦመንበር

***ሰበኻ ጉባኤ ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም***
*Het Kerkelijke bestuur*
Email:
debreselammedhaniealem@gmail.com
www.debreselam-medhaniealem.com
**Amstelveenseweg-965**
**1081 JG Amsterdam Nederland**